


# ሃገር ኣቦታትና ፡

ክቡር ኣምባቢ ፡ ንሎሚ ካብ ኣስተምህሮ ናይ ሓርበኛ ኣቦና ወልድኣብ ወልደማርያም ሒዘልካ የቐርብ ኣሎኹ ፡ ብጽሞና ትዕግስትኻ ወፊኻ ንዘአንግደካ ጽሑፍ ምንባብካን ትዕዝብትኻ ምልጋስካን እናአመስገንኩ ፡ እቲ ቀንዲ መኽንያት ፡ ብኽምዚ ሃብታምን ንእዱን ኣስተምህሮ ዝዓዘዘ ናይ ሓርበኛ ኣቦና ወልድኣብ ወልደማርያም ምርኩስ ምግባር ዝያዳ ስለዘገደሰንን ኣብቲ ናይ ሓባር ብድሆን ትግባሬኡን ንምባጻሕ ዝዓለመ ምኽኒይ ድሮ'ኳ ኣብዛ ኣወል እንግዶተይ ተረዲእካኒ ክትከውን ብዓል ምሉእ ተስፋ እየ ፡

እኒሆ በል ፡ ካብ ሰሙናዊ ጋዜጣ ቁ.217 ዕለት 24/10/1946 ምሃሪ'ዩ ዝበልኩዎ ጥቕሲ ኣቕርበልካ ኣሎኹ'ሞ ሰናይ ሓባር ጉዕዞ ፡

እግዝኣቢሔር ንመሬት ብኣትክልትን ብእንስሳን ብሰብን ከም ዝመልኣ ዘዘንቱ ቃላት ከንብብ ከለኹ ፡ በቲ ናይ ቆልዓ ኣእምሮይን ምህዞይን ፡ መሬት ካብቲ ኣማዕድየ ዝርእዮ ዝነበርኩ ፡ መጠን ደረት ትርኢተይ ዘይትሰፍሕ ፡ ኣትክልቲውን ካብ ወትርግ ዝርእዮን ዝሓስቦን ዝነበርኩ ፡ ዝተወልድኩላ ዓዲ ዝነበሩ ኅቦታት ፡ ካብኡ ዘይበዝሑ ፡ ንእንስሳታት ውን ብኽምኡ መጠን ዝነበረ ኣፍልጦይ ፡ምንባሩ'ዩ ፡

ካብ ዝተወለድኩላ ዓዲ ዝዓብዩ ዓድታትን ቁሸታትን ከምዝነበሩ ዝግምግም ሓሳባት ኣእምሮይ ዘይበሰለን ብዛዕባ ቀላያትን ባሕርታትን ውቅያኖሳትን ክዝረብ እንከሎ ገና ዝኾነ ይኹን ምህዞ ይኹን ሓሳብ እንዶ ኣይነበረንን ፡

እቲ ኣብ ልዕሊ ደምቤና ዝዘነበ ዝናብ ምስቲ ናይ ቅርዓት ተጸንቢሩ ፡ ምስቲ ናይኅላጉልን ኅቦታትን ተሓዋዊሱ ከመይ ዝበለ ኣኼባ ናይ ማይ ከምዝገብር ከስተውዕሎ ኣይክኣለንን ነበረ ፡

ልቢ ክሶኲዕ ኣእምሮ ከስፍሕ ፡ ነቲ ዘሸግረኒ ዝነበረ ውሽጣዊ ጸገማትን ሕቶታትን ፡ ብዛዕብኡ ክዛረብ ክእለት ብዝረኽብኩ ግና ፡ ነቦይ ሕቶታት ደድሕሪ ሕቶታት ከዝንበሉ ጀመርኩ ፡ ንሱ ድማ ለባምን ሕያዋይን እዩ'ሞ ፡ በቲ ዝክኣሎ ኩሉ ፡ ከብርሃለይ ይጋደል ነበረ ፡ ሓንቲ መዓልቲ ፡ ከብትና ክንርኢ ኢልና ናብ ሓደ በሪኽ ኅቦ ደይብና ከሎና ፡ ኣማዕድየ ናብ የማነ ጸጋም እንተ ጠመትኩ ፡ ቅድም ርእየዮ ዘይፈልጥ ፡ ኣዝዩ ዝሰፍሐ ምድሪ ፡ ብዙሕ ዓድታትን እምባታትን ኅላኅልን ዝነበሮ ፡ ብኪንኡ ድማ ምስ ሰማይ ዝተራኽበ ዝመስል ኣዝዩ ዝነውሐ እምባታት ርኣኹ ፡ ኣቦየ እዚ ዝርእዮ ዘሎኹ ሰፊሕ ምድርስ ሃገርና ድዩ ? ኢለ ምስ ሓተትኩዎ ፡ ኣቦይ ብኢዱ ስሕብ ኣቢሉ ንዓ እዚ ወደይ ኢሉ ኣብጥቕኡ ኮፍ ኣበለኒ'ሞ ፡ ከስተምህረኒ ጀመረ ፡

እዚ እትርእዮ ዘሎኻን ፡ ኣማዕድኻ ክትርእዮ ዘይትኽእልን ፡ ኣዝዩ ዝሰፍሐን ዝጸበቐ መሬት ፡ ናይ ኣቦታትካ ሃገር እዩ ፡ ቅድሚ ኣቦታትካ ፡ ኣብሓኅታትካ ኣብዛ ሃገር እዚኣ ይቕመጡ ነይሮም ፡ቅድሚ ኣብሓኅታትካ ፡ ኣቦታቶምን ኣብሓኅታቶምን ፡ ኣብዛ መሬት ርስቶም ዝኾነት ይቕመጡ ነይሮም ፡

ስለዚ እዛ ሃገር ሃገር ኣቦታትካ እያ ፡ ሃገር ኣቦታትካ ስለዝኾነት'ውን ሃገርካ እያ ፡ ኣብሓኅታትካ ኣብዚኣ ሃገር ተቐመጡ ፡ ኣብኣ ኮይኖም ክኣ ዓየዩ ፡ ተጋደሉ ፡ ምእንቲ ደቆም ምእንታናን ምእንታኹምን ክኣ ብዙሕ ሓሳረ መከራ ኣሕለፉ ፡ ኣብ'ዚኣ ሃገርዚኣ'ውን ዓረፉ ወይክኣ ሞቱ ፡ እቲ ብዙሕ ዝተጋደለ ኣዕምጽምቶም ክኣ ኣብዛ ሃገር ዓሪፉ ኣሎ ወይ ተቐቢሩ ኣሎ ፡ መኽንያቱ ርስቶም ስለዝኾነት ፡

:

ኣቦታትና ኣብዛ ሃገር ዘይዓየዩን ዘይተጋደሉን እንተዝኾኑ ፡ እዛ ሃገርና ሎሚ ምድረበዳ ኮይና ምተረኽበት ነይራ ፡ ንሳቶም በቲ ሓደን ሓቀኛን ኣምላኽ ኣሚኖም ፡ ብእምነቶም ጸኒዖም እንተዘይነብሮ ነይሮም ፡ ንደቆም እውን እዚ ሓቀኛ ሃይማኖትን እምነትን ( ፍቕርን ምትሕብባርን ምክብባርን ምትሕግጋዝን ) እንተዘይ ሓድግሎም ነይሮም ፡ ንሕና ሎሚ ብመንፈሳዊ ዑረትን ፡ ብኣረመንነትን ምነበርና ነይርና ፡ ንሳቶም ጥበብን ፍቕርን እንተዘየጽንሑልና ፡ ንሕና ከምብዙሓት ኣህዛባት ኣፍሪቃን ኣስያን ብኣረሜንነት ምነበርና ነይርና ( ንሱ ስለዝኾነ ምስጢሩ ውሑዳት ክንስና ብዙሓት ፡ ውሑዳት ክንስኻ ሓያላትን ደርማሳትን ኮይንና ዝወጻእናን ንቕጽል ዘሎናን)

ንሳቶም ምስቲ ዓማጽን ገፋዕን ዝነበረ ወጻእተኛን ፡ ውሽጣውን ጸላኢ እናተዋግኡ ዘይትዓወቱ ነይሮም እንተዝኾኑ ፡ ንሕና ሎሚ ፍትሕን መሰልን ሓርነትን ክብርን ኣይምረኽብናን ፡ ነዛ ሃገር ከምዚ ኣነን ንስኻን ነፍቅራ ዘሎና ፡ ንሳቶም ክኣ የፍቅርዋን ይስውኡላን ይጽዕሩላን ነበሩ ፡ ስለዚውን ትዕግስቶም ጸዓቶም ጅግንነቶም ሂወቶም ከይተረፈ ኣሕሊፎምላ እዮም ፡

“ እምብኣርከስ ንሕና ንኣቦታትና ከነማስወሎም ዝግብኣና እዩ ፡ ዝኸሮም ክኣ ቅዱስ ቅዱስን ክቡርን ኮይኑ ኣብ ውሽጥና ክነብር ይግባእ , ንስኻ ንኣይ ነቦኻን ኣዴኻን ከም እተፍቅረና ፡ ነቶም ኣብዛ ሃገር እተቐመጡ ኣብሓጎታትካ ንኹሎም ከተፍቅሮም ይግብኣካ ፡ ከምዚ ምስእትገብር ኣብዛ ኣምላኽ ዝሃበና ሃገር ትነብር ማለት እዩ ፡ እዞም ገና ንሕና ብሂወት ንነብር ዘሎና ፡ ነቲ ክቡር ዝኽሮም ዝበቅዕ ኮይንና ንኽብሮም ክንነብር ይግብኣና ፡ ስምዒታትና ክገዝኣና የብሉን ፡ ስምዒታትና ክገዝኣና እንተጀሚሩ ፡ ኣንነት ስለዝስዕርር ፡ ፈትሊ ሓድነትና ይዝርዝር’እሞ ፡ ሓይሊ ስለዘይንረክብ መፍቶ ጸላኢ ኲንና ፡ ንውርደትን መከራን ንቃላዕ ማለትዩ ፡ ስለዚ ነዛ ሃገር እዚኣ ንሳቶም ከምዝተኸላኸሉላን ዘኸበሩዋን ፡ ንሕናውን ክንከላኸለላን ከነኽብራን ግቡእና ስለዝኮነ ሕድሮም ንምትጋባሩ ክንከፍሎ ዝግብኣና ዕዳ እዩ ፧

ነዚ ድማ ምእንትኦም ጥራይ ዘይኮነስ ፡ ንገዛእ ርእስና ብናጽነት ክንነብር ፡ ምእንቲ ቀጻሊ ወሎዶና ዝመጹ ደቅና ደቂደቅናውን ፡ ብሓጎስን ተድላን ክነብሩ ፡ ናይ ዓወት ባይታ ከምዝሓለፉ ኣቦታትና ኣንጺፍና ክንጸንሕ ሓላፍነትና እዩ ፡ ካብኩሉ ክኣ ዓንዲ ማእከል ኮይኑ ንምንባርና ዝድርዕ ፍቕርን ሓድነት ስለዝኾነ ፡ ከምኣብሓጎታትና ዝለገሱላ ፍቕሪ ክንልግስን ፡ መዝነትና እዩ ፡ እዚ ተግባር ምስእንፍጽም ቀጻልነት ጥሙር ወለዶ ኣሎ ማለት እዩ ፡ ቀጻልነት ጥሙር ወለዶ ማለት ፡ ቀጻልነት ምዕቡል ባህለ ስለዝፈሪ ፡ቀጻልነት ምዕቡል ባህሊ ክኣ ቀጻልነት ሕፉርን ክቡር ወለዶ የረጋግጽ ፡

ቀንዲ ውሕስነት ናይ’ዚ ንብሎ ዘሎና ግን ብናይ ሓባር ጻዕሪ ዝዕጸድ ምህርቲ እዩ ፡ ብምንባሕ ናይ ቶኺሉን ምውካኽ ወኻሩን ከይተደናገርና ሃገርና ብኹሉ እንትናኣ ክንሃንጻ ኣብ ማእገርና ዝተሰከምናዮ ሓላፍነት’ዩ ፡ ድልድል መላግቦ ወለዶታት ስለዝኾና’ውን ንዕዳና ብድርብ ይሽንኖ ፡ በየናይ መንገዲ ዝብል ኣርእስቲ ፡ ሎሚ መኸተ.. ጽባሕ መኸተ.. ነዛህላወና ምምካት ብናይ ሓባር መንገዲ ፡ መሳርዕና ከይሰበርና ብመስርዕ ደቂ ሓደ ልቢ ፡

ዓወት ንሓፋሽ !

መድሃኔ ተስፋኣለም ፡